# <u>8 መጋቢት</u>

# <u>ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ</u>

04/03/2013

ትማሊ ሰንበት ዕለት 03/03/2012 ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ: ኣቐዲሙ ኣብ ከተማ <u>ፓርማ</u> ኢጣልያ ተኸቢሩ ውዒሉ። ኣብዚ ብማሕበር መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍን ብማሕበረ ኮምን ደቀኣንስትዮ ፓርማን ዝተዳለወ ብዙሓት ዜጋታትን የዕሩኽን ዝተኻፈልዎ ድሙቕ በዓል: ኤርትራውያን ተቐማጦ ቦሎኛ ብማ/ኮም ተጠርኒፎም ብክልተ ኣዉቶቡሳት ብምምጻእ ነቲ በዓል ዝያዳ ኣድሚቖምዎ። እቲ መደብ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ብናይ ስፖርት ኩዕሶ እግሪ ግጥም ኣብ መንጎ ፓርማን ቦሎኛን ኢዩ ጀሚሩ: ብዓወት ፓርማ 7ብ3 ከኣ ተዛዚሙ። ድሕሪ ናይ ምሳሕ መደብ ኣብ መኽፈቲ: ሓላፊ ህዝባዉን ኮማዉን ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ኣብ ዘስምዖ ቃል ኣብ ክንዲ ኣምባሳደር ናይ ዮሃና መልእክቲ ብምትሕልላፍ : ነዚ ኩሉ ህዝቢ ኣኪብኩም ከምዚ ዝበለ ድሙቕ በዓል ከተዳልዉ ምኽኣልኩም: መርኣይ ሓያል ሃገራዊ ፍቕርኹምን ሓድነትኩምን ጽኑዕ ዉዳቤኹም ኢዩ: እዚ እትገብርዎ ዘለኹም መኸተን ጥምረትን ንተጻባእቲ ተስፋ ዘቑርጽ ንፈተዉቲ ከኣ ጸባ ዘስቲዩ እሞ ጸኒዕኹም ቓልስኹም ክትቕጽሉ ብምባል ተላብዩ። ቀጺላ ፕረሲደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ ኢጣልያ ወይ/ ንግስቲ ጸጋይ ን8 መጋቢት ዝገልጽ ቃል ሃ.ማ.ደ.ኤ ካብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚረን ደቀኣንስትዮ ኤርትራዉያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ሃ.ማ.ደ.ኤ ተወዲበን ኣዴታት ኢጣልያ ንሓርነት ሃገረንን ንማዕርነተንን ዘበርከትኦ ሓያል ቃልሲ ብምዝካር: ሎሚ ዉን ከም ቀደመን ንልምዓት ሃገር ይረባረባ ከምዘለዋ: ኣብ ኤርትራ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ምዝዛም ተቓሪቡ ዘሎ ህንጻ መሰልጠኒ ደቀኣንስትዮ ክሳብ መጨረሽትኡ ዝበጽሕ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላብያ። ወይ/ሮ ንግስቲ ቀጺላ ነቲ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ እዋን ኣብ ከተማ ፓርማ ፈላሚ ጉባኤኣን ክገብራ መዲበንኦ ዘለዋ: በዚ ክቡር መዓልቲ ብምጅማረን ኣብ ሃገረንን ኣብ ሃ.ማ.ደ.ኤን ዘለወን ጽኑዕ እምነት ምኻኑ ገሊጻ። ኣስዒባ ዋና ጸሓፊት ማሕበረ/ኮም ፓርማ ተጋዳሊት ኣልማዝ ሃብተ: ታሪኽ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ መንእሰያት ደቅና መታን ከነዉርሶ ትምህርቲ ሓዘል ዓዉደ ዘተታት ከነዳሉ ይግባእ ብምባል :ንኹለን ደቀኣንስትዮ ፓርማ ብምውካል ቃላ ኣስሚዓ። ኣደ ወንበር መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ኢጣልያ ኣስተር ተስፋማሪያም

ብወገና ንመንእሰያት ፓርማ ብዝገብርዎ ዘለዉ ሓያል ቃልሲ ብምምስጋን ዉዳቢኦም ዝያዳ ንኽሕይሉን ኣብዚ መጨረሽታ ወሪሒ ኣብ ሎንዶን ዝግበር 9ይ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኽካፈሉ ጸዊዓ። ኣብ መጨረሽታ ኣቦ ወንበር ማ/ኮም ፓርማ ኣቶ ተስፋኣለም ተኽስተን ኣቦ ወንበር ማ/መንእሰያት ፓርማ ተመስገን ዘዉደን ንኣደ ወንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ ኢጣልያን ንኣካያዲት ሃ.ማ.ደ.ኤ ቦሎኛ ከኣ ስለቲ ነዚ በዓል ንምምዕራግ ብክልተ ኣዉቶቡሳት ተጋዒዘን ብምምጻእ ነቲ በዓል ዝያዳ ድምቀትን ክብርን ስለ ዝሃብኦ ዕታር ዕንባባታት ኣረኪቦምወን። እቶም ወናማት ባህላውያን ኤፍረም ኣጉለን ቢንያም በርሀን ከኣ ምሉእ ምሸት ንህዝቢ ኣዘናጊዮምዎ።

ዘላለማዊ ክብሪ ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ !!

ናይ መድያን ዲፕሎማስን ኮሚቴ - ኢጣልያ